በዓል መዚ ሙህሮ

Göteborgs
Stad

# ካብ ዕጾ ፋርስ ነጻ ዝኾነ ቤት ትምህርቲ

ብዛዕባ ባዶ ተጸዋርነት – ኣንጻር ዕጾ ፋርስ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትመህርቲ፡ ፍሉይ ካልኣይ ደረጃን ሙህሮ ንዓበይቲን



www.goteborg.se/utbildning

# ንዓኻ ተመሃራይ ወይ ድማ ንኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ወይ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዝመሃር ተመሃራይ ወላዲ ዝኾንካ

### ባዶ ተጸዋርነት ኣንጻር ዕጸ ፋርስን ኣልኮሆልን ኣብ ቤት ትምህርቲ
ቤት ትምህርቲ፡ ካብ ዕጸ ፋርስ ነጻ ዝኾነ ናይ ስራሕ ቦታ እዩ። ብመሰረት ሕጊ ከባቢ ስራሕ፡ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ፡ ተመሃራይ ኮነ ሰራሕተኛ ቤት ትምህርቲ፡ ጥዕንኦም ከይጉድኡ ኮነ ሓደጋ ከይወርዶም፡ ናይ ቅድመ ምክልኻል ስራሕ ክሰርሑን ኣድለይቲ ስጉምትታት ክወስዱን ኣለዎም።

### ቤት ትምህርቲ፡ ንጥፈታት ዕጸ ፋርስ ምስ ዝጥርጥርን ዝረክብን፡ እንታይ ይገብር?
ርእሰ መምህራን፡ ብዘይ ወዓል ሕደር ምስ ተመሃራይ ኣኼባ ይጽዉዕ። እዚ ድማ፡ ምስ ሰራሕተኛታትን ሽማግለ ጥዕና ተመሃሮን ብምምኻር ይገብሮ። ተመሃራይ ትሕቲ ዕድመ ምስ ዝኸዉን ድማ፡ ርእሰ መምህራን ወለዲ ይጽዉዕ። ተመሃራይ ዓቕመ ኣዳም ዝበጽሐ ምስ ዝኸዉን ድማ፡ ተመሃራይ እንተድኣ ተሰማሚዑሉ፡ መቕርቡ ወይ ናባዩኡ ንኣኼባ ክጽዉዕ ትምኒትና እዩ። ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ድማ፡ መደባት ስጉምትታት ምስናይ ንጹር ናይ ሓላፍነት ምቅሊትን ስነዳን ይዉሰን።

ሓደ ተመሃራይ፡ ብተደጋጋሚ ስነ ስርዓት ቤት ትመህርቲ ምስ ዝረብሽ፡ ቅቡል ዘይኮነ ኣካይዳ ምስ ዝኸይድን ገበነኛ ናይ ዓቢ ጌጋ ኮይኑ ምስ ዝርከብን፡ ርእሰ መምህራን፡ ነዚ ፍጻመታት እዚ የጽንዕ። ድሕሪ'ዚ ርእሰ መምህራን፡ መጠንቀቕታ ንምሃብ ይዉስን። ናይቲ ተመሃራይ ኣጠቓቕማ ዕጸ ፋርስ፡ ብመሰረት ሕጊ ቤት ትምህርቲ ናይ ምስጓግ ስጉምቲ ምዉሳድ ኣድላዪ ኮይኑ እንተድኣ ተረኺቡ ድማ ዉሳነ ይወስድ።

### ቤት ትምህርቲ፡ ንሓደ ተመሃራይ ናይ ዕጸ ፋርስ መርመራ ክገብር ክግድድ ይኽእል'ዶ?
ርእሰ መምህራን፡ ንተመሃራይ፡ ብወለንትኡ ናይ ዕጸ ፋርስ መርመራ ክገብር ብኽብረት ይሓቶ፡ ተመሃራይ ድማ መርመራ ንምግባር ከምዝተቐበሎ ይፍርም። ወለንታዊ ናይ ዕጸ ፋርስ መርመራታት፡ ገለ ናይ ስራሕ ልምምድ ቦታታትን ናይ ስራሕ ቦታታት ንስለ ሙህሮን ጠለቦም ምስ ዝኸዉን፡ ድሕሪ ግቡእ ሓበሬታን ናይ ጽሑፍ ስምምዕን፡ ወለንታዊ ናይ ዕጸ ፋርስ መርመራታት ይግበሩ እዮም።

### ቤት ትምህርቲ፡ ንጥፈታት ዕጸ ፋርስ ኩሉ ግዜ ድዮም ናብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ማሕበራዊ ናብራ ዘፍልጡ?
ንጥፈታት ዕጸ ፋርስ ብትሕቲ ዕድመ ተመሃራይ የጋጥም ከምዘሎ ጥርጣረ ምስ ዝህሉ፡ ቤት ትምህርቲ ኩሉ ግዜ ነዚ ተርእዮ'ዚ ንኣገልግሎት ማሕበራዊ ናብራ የፍልጥ እዩ። እዚ ጥርጣረ'ዚ ንዓቕመ ኣዳም ዝበጽሐ ተመሃራይ ዝምልከት ምስ ዝኸዉን ድማ፡ ንኣግልግሎት ማሕበራዊ ናብራ ኣብ'ቲ ዝቕመጡ ከባቢን፡ ዝነብረሉ ምምሕዳርን ይሕበሩ። ዕላማ ናይ'ዚ ጥርዓን'ዚ ድማ፡ ተመሃራይን ስድራቤቱን ነቲ ኩነታት ብዝበለጸ መንገዲ ክኣልይዎ ተኽእሎ ንክረኽቡ እዩ።

### ሓደ ተመሃራይ ብተጽዕኖ ዕጸ ፋርስ ተጸልዩ ንቤት ትምህርቲ ምስ ዝመጽእ፡ ቤት ትምህርቲ እንታይ ክገብር ይኽእል።
- ተመሃራይ ትሕቲ ዕድመ ምስ ዝኸዉን፡ ምስ ወለዱ፡ ናይ ናብዮት ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ ወይ ድማ ምስ መቕርብ ተመሃራይ ዓቕመ ኣዳም ዝበጽሐ ምስ ዝኸዉን ድማ፡ ምስኡ ብምስምማዕ ርክብ ይግበር።

• ኣድላዪ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ፖሊስ ይጽዋዕ።
• ኩነታቱ ንትሕቲ ዕድመ ተመሃራይ ዝምልከት ምስ ዝኸዉን፡ ናብ ኣገልግሎት ማሕበራዊ ናብራ ሓበሬታ ይለኣኽ። ንዓቕመ ኣዳም ዝበጽሐ ተመሃራይ ድማ፡ በቲ ዝግብኦ ኣገባብ ጥርዓን ይቐርብ።
• ርእሰ መምሃራን፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ብቕልጡፍ ኣኼባ ይጽዉዕን መደባት ስጉምትታት ይዉስንን።

## ሓደ ተመሃራይ፡ ዕጾ ፋርስ ይሸይጥ ከምዘሎ ቤት ትምህርቲ ምስ ዝጥርጥር፡ እንታይ ይገብር?

• ርእሰ መምህራን ይሕበር።
• ርእሰ መምህራን ናብ ፖሊስ ጥርዓን የቕርብ።

## ናይኣርኮሆል ኮነ ዕጾ ፋርስ ጸገም ምስ ዝህልወካ፡ ምስ መን ኣብ ቤት ትምህርቲ ኢኻ ክትዛረብ እትኽእል?

ምስ ናይ ቀረባ፡ መምህርካ፡ ርእሰ መምህራን ወይ ድማ ሽማግለ ጥዕና ተመሃራይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ተራኸብ።

## ቤት ትምህርቲ፡ ምስ ሚኒ ማርያ ኣብ ዮተቦሪ፡ ናይ ስራሕ ትሕብባር ኣለዎ።

ሚኒ ማርያ ዮተቦሪ፡ ብኣርባዕተ ክፉት መቐበሊ ክንክን ንክሳብ 21 ዓመት ዝዕድመኦም መንእሰያት፡ ንኣርኮሆልን ዕጾ ፋርስን ካልኦት ድራጋትን ዝምልከት ሕቶታትን ሽግራትን ዘለዎም ማእከላት እኾመ እዩ።
ሚኒ ማርያ ዮተቦሪ፡ ዕድላት ናይ ሓበሬታታት፡ ምኽርታትን ሕክምናዊ ፍወሳን ንዝተጠቕዐ ሰብን ስድራቤቱን መቕርቡን ይኸፍት።
ኣብ ሚኒ ማርያ ዝሰርሑ፡ ክኢላታት ማሕበራዊ ናብራ፡
ስነ ኣእምሮ፡ ነርስ፡ ሓኪምን መወላዳንን እዮም።

ሚኒ ማርያ፡ ብሓልዮት ከተማ ዮተቦሪን ዞባ ምዕራባዊ ዮታላንድን እዩ ዝካየድ።
ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.minimaria.se ኣሎ።

## ኣሰራርሓ በዓል መዚ ሙህሮ፡ ዝተፈላለዩ ሕጋጋት’ዩ መሰረት ገይሩ ዝሰርሕ።

• ሕጊ ሙህሮ (2010:800), 5 ምዕራፍ.
• ኣገባብ (2011:1108) ዛዕባ ሙህሮ ንዓበይቲ፡ 7:ይ ምዕራፍ።
• ሕጊ (2009:128) ብዛዕባ ላዕለዋይ ትምህርቲ ሞያ።
• ኣገባብ (2009:130) ብዛዕባ ላዕለዋይ ትምህርቲ ሞያ።
• ሕጊ ማሕበራዊ ናብራ (2001:453), ምዕራፍ 14። ጥርዓን ንስለ ምእላይ ዘይንቡር ኩነታትን ካልኦትን።
• ሕጊ ከባቢ ስራሕ (1977:1160), 3:ይ ምዕራፍ፡ ዓንቐጽ 2§
• ሕጊ ህዝባዊን ምስጥራዊነትን (2009:400), ምዕራፍ 25።
• ሓፈሻዊ ሓረግ – ሕጊ ህዝባዊን ምስጥራዊነትን (2009:400), 10:ይ ምዕራፍ። ዓንቐጽ 27 §

# ንዓኻ፡ ንኣብ ካልኣይ ደራጃን ፍሉይ ካልኣይ ደረጃን ቤት ትምህርቲ እትሰርሕ

**ንጸገማት ኣርክሆልን ካልኦት ጸገማት ዕጾ ፋርስን ዘለዎም ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲን ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃን ዝምልከት ምምርሒታት።**

ካብ ዕጾ ፋርስ ነጻ ናይ ሙኻን ኣሰራርሓ ቅድመ ምክልኻል ቤት ትምህርቲ ስሩዕን ኣገባብ ዝሓለወን ክኸዉን ኣለዎ። ንወልፊ ዘለዎም ተመሃሮ ብዝሓሸ መንገዲ ንምሕጋዝ፡ ቤት ትምህርቲ ምስ ሚኒ ማርያን ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ማሕበራዊ ናብራን ምትሕብባር ይገብር።

| ኣስተዋጽኦ | ኣተግባሪ | ሓላፍነት |
|---|---|---|
| ተመሃራይን ወለድን፡ ብዝቐልጠፈ፡ ብመሰረት ሕጊ ትምህርቲ ምዕራፍ 5፡ ዓንቐጸጽ 9 ንኣኼባ ይጽዉዑ። ዓቕመ ኣዳም ዝበጽሐ ተመሃራይ ናባዬኡ ናብ ኣኼባ ሒዙ ክመጽእ ምሕጽንታ ይቐርበሉ። | ርእሰ መምህራን | ርእሰ መምህራን |
| ኣብቲ ኣኼባ ብዛዕባ ዘለዉ ጥርጠራታትን ናብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝቐረቡ ጥርዓናትን (ተመሃራይንትሕቲ ዕድመ ዝምልከት) ሓቅነት ሒዞም ይገጥሙ። ጥርዓን ንዓቕመ ኣዳም ዝበጽሑ ተመሃሮ'ዉን ይቐርብ እዩ። | ርእሰ መምህራን | ርእሰ መምህራን |
| ተመሃራይን ወለድን፡ ሓበሬታታት ሚኒ ማርያን ኣኼባ ንኣገልግሎቶምን ይወሃቦም። | ርእሰ መምህራን ወይ ሽማግለ ጥዕና ተመሃራይ | ርእሰ መምህራን ወይ ሽማግለ ጥዕና ተመሃራይ |
| መደባት ስጉምቲ ይዋደዱ። ሓበሬታ ናይ ምልዉዋጥ ዉዕል ኣብ መንጎ እምልከቶም ኣካላት (ቤት ትምህርቲ፡ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ሚኒ ማርያ) ኣገዳሲ እዩ። | ርእሰ መምህራን ወይ ሽማግለ ጥዕና ተመሃራይ | ርእሰ መምህራን ወይ ሽማግለ ጥዕና ተመሃራይ |
| በቲ ዝምልከቶ ቅጥዒ መመልከቲ፡ ጥርዓን ናብ ኣገልግሎት ማሕበራዊ ናብራ ይቐርብ። ኣብቲ ቅጥዒ፡ ሓበሬታ ንዝተመደበ ሐበሬታታት ይንጸር። | ርእሰ መምህራን ወይ ሽማግለ ጥዕና ተመሃራይ | ርእሰ መምህራን ወይ ሽማግለ ጥዕና ተመሃራይ |
| ድሕሪ ምሕጽንታ፡ ወለንታዊ መርመራ ዕጾ ፋርስ ይግበር። ተመሃራይ ከምዝተሰመማዓሉ ይፍርም፡ ዋላ'ዉን ወለዲ ከምዝሰማምዕሉ ምፍራም የድሊ። | ርእሰ መምህራን | ርእሰ መምህራን |
| ናብ ዝተመደበ ኣኼባታት ምስ ሚኒ ማርያ ቆጸራ ንምሓዝ፡ ምስኦም ርክብ ይግበር። | ርእሰ መምህራን ወይ ሽማግለ ጥዕና ተመሃራይ | ርእሰ መምህራን ወይ ሽማግለ ጥዕና ተመሃራይ |

## ራኢ

ተመሃራይ ናይ ወልፊ፡ ወይ ሕሉፍ ኣጠቓቕማ ጸገማት ምስ ዘርኢ፡ ኣቕዲምካ ምልላይ፡ ቅልጡፍ ስጉምቲታትን ናይ ሓባር ኣገባብ ኣሰራርሓን ኣብ መንጎ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ፡ ፍሉይ ካልኣይ ደረጃ፡ ሚኒ ማርያን ተመሃራይ ዝቕመጠሉ ናይ ማሕበራዊ ናብራ ኣገልግሎት ናይ ዝተፈላለያ ንኡሳን ምምሕዳራትን ምምሕዳራትን፡ ክህሉ።

## ዕላማ

ተመሃራይ ካብ ዝንቡዕ ኣጠቓቕማ ወልፍታቱ ንምድሓንን፡ ብሓባር ተመሃራይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ዝዛዝመሉ ሃዋህዉ ምፍጣርን።

| ኣስተዋጽኦ | ኣተግባሪ | ሓላፍነት |
| --- | --- | --- |
| ሚኒ ማርያ፡ ኣብ ዉሽጢ 14 መዓልታት ናይ ቆጸራ ግዜ ይህብ። ተመሃራይን ወለድን ሓበሬታ ናይ ዝተተሓዘ ቆጸራ ይወሃቡ። | ርእሰ መምህራን<br>ወይ ሽማግለ<br>ጥዕና ተመሃራይ<br>ሚኒ ማርያ | ርእሰ ምህራን<br>ወይ ሽማግለ<br>ጥዕና መሃራይ<br>ሚኒ ማርያ |
| ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ማሕበራዊ ናብራ፡ ጥርዓን ይቕበሉን፡ ንቤት ትምህርቲ ከም ዝበጽሖም የፍልጡን።. | ኣገልግሎት ማሕበራዊ ናብራ | ኣገልግሎት ማሕበራዊ ናብራ |
| ምስ ተመሃራይ፡ ወለዲ ወይ ድማ ናባዪ፡ መደብ ናይ ምስራዕ ኣኼባ ይካየድ።<br>ንመደባት ስጉምትታት ዝምልከት ሰነዳ ይቕጽል። | ርእሰ መምህራን<br>ወይ ሽማግለ<br>ጥዕና ተመሃራይ<br>ሚኒ ማርያ | ርእሰ ምህራን<br>ወይ ሽማግለ<br>ጥዕና መሃራይ<br>ሚኒ ማርያ |
| ተመሃራይ ሕክምናዊ ክንክን ይጅምር። ንተመሃራይ ዝግበረሉ ምኽራዉን ሕክምናዉን ክንክን ዘይእኹል ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ናብ ዝምልከቶ ኣገልግሎት ማሕበራዊ ናብራ ጥርዓን ይቐርብ። | ሚኒ ማርያ | ሚኒ ማርያ |
| ግብረ መልሲ ናብ ዝምልከቶም ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ። | ሚኒ ማርያ | ሚኒ ማርያ |
| እንተድኣ ኣቕዲሙ ኣብ ስምምዕ ጸኒሑ፡ ግብረ መልሲ ንኣገልግሎት ማሕበራዊ ናብራ። | ሚኒ ማርያ | ሚኒ ማርያ |
| ብመሰረት መደባት ስጉምቲ፡ ምስ ተመሃራይ፡ ወለዲ ወይ ናይ ምንባይ ሓለፍነት ዘለዎ፡ ናይ ገምጋም ኣኼባ ይግበር። | ርእሰ መምህራን<br>ወይ ሽማግለ<br>ጥዕና ተመሃራይ<br>ሚኒ ማርያ | ርእሰ ምህራን<br>ወይ ሽማግለ<br>ጥዕና መሃራይ<br>ሚኒ ማርያ |

# ንኣብ ምምሕዳራዊ ሙህሮ ንዓበይቲን ላዕለዋይ ትምህርቲ ሞያን ተመሃራይ ዝኾንካ

ቤት ትምህርቲ፡ ካብ ዕጾ ፋርስ ነጻ ናይ ስራሕ ቦታ እዩ። ኩሎም ሰራሕተኛታት፡ ብዛዕባ ዕጾ ፋርስ ኣፍልጦ ክህልዎም ኣለዎም። ሓደ ተመሃራይ ወይ ኣጽናዒ ኮነ ብመሰረት (APL/LIA) ንልምምድ ወይ ድማ እንዳሰርሐ ሞያ ዝመሃር፡ ንናይ ስራሕ ቦታ ሕጊን ኣገባብ ስነ ስርዓትን ከኽብር ኣለዎ። ከምዚ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ተመሃራይ ወይ ኣጽናዒ ብመሰረት APL/LIA፡ ጠለብ ቤት ትመህርቲ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ናይ ዕጾ ፋርስ መርመራ ንምግባር ክሕተት ይኽእል እዩ።

### ቤት ትምህርቲ፡ ንጥፈታት ዕጾ ፋርስ ምስ ዝጥርጥርን ዝረክብን፡ እንታይ ይገብር?

ርእሰ መምህራን፡ ኣብ ዝቐልጠፈ፡ ምስ ተመሃራይ፡ ዝምልከቶ መምህር፡ ተሓታቲ ኮርስ፡ ሓላፊ ኮርስን ኣማኻሪን ኣኼባ የካይድ። ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ድማ፡ መደብት ስጉምትታት ምስናይ ንጹር ናይ ሓላፍነት ምቅሊትን ስነዳን ይዉሰን።

### ምምሕዳራዊ ሙህሮ ንዓበይቲ

ናይ ተመሃራይ ምጥቃም ዕጾ ፋርስ፡ ብመሰረት ሕጊ ቤት ትምህርቲ፡ ንካብ ትምህርቲ ምብራር ዘኽእል ገጹ ምስ ዘምርሕ ድማ፡ ርእሰ መምህራን ድሕ እኹል መጽናዕቲታት ምክያድ፡ ተመሃራይ ናይ ምብራር ዉሳነ ክወስድ ይኽእል።

### ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ሞያ

ሓደ ተመሃራይ ግዙእ ናይ ኣርኮሆል ወይ ዕጾ ፋርስ ምስ ዝኸዉን'ሞ፡ ኣብ ሰዓታት ትምህርቲ፡ ሰራሕተኛታትን ንብረት ቤት ትምህርቲ ክጎድእ ስለዝኽእል፡ እዚ ተመሃራይ ክሳብ ዝኾነ ዝኸዉን፡ ካብ ሙህሮ ክንጸል ከምዘለዎ ይግበር።

### ንብዕጾ ፋርስ ተጸልዩ ዝመጸ ተመሃራይ ወይ ኣጽናዒ ዝዉሰድ ስጉምቲታት

- ህጹጽ ጽልዋ ዕጸፋርስ ዘለዎ ተመሃራይ ወይ ኣጽናዒ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ኮነ ናይ ስራሕ ቦታ ንኽኣቱ ይኽልከል።
- ኣድላዪ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ፖሊስ ይጽዋዕ።
- ርእሰ መምህራን፡ ኣብ ዝቐልጠፈ፡ ምስ

### ተመሃራይ፡ ዝምልከቶ መምህር፡ ተሓታቲ ኮርስ፡ ሓላፊ ኮርስን ኣማኻሪን ኣኼባ የካይድ። መሸጣ ዕጾ ፋርስ ይካየድ ከምዘሎ ጥርጣረ ምስ ዝህሉ

- ርእሰ መምህራን ይሕበር
- ርእሰ መምህራን፡ ጥርዓን ናብ ፖሊስ የቕርብ

Göteborgs Stad 180615-009-610 Foto: Lo Birgersson Tryck: Lenanders Grafiska AB Augusti 2018